# ወግዕን ጸወታን

# ምስ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ - ፷

**ዝቐጸለ...**

“ኣቐዲምና ‘ሕጊ እንዳባ’ ኽንብል ከሎና ‘ሕጊ’ ምንባሩ ምፍላጥ የድሊ፣ እዙይ ማለት ድማ፣ ከም ባህልን ልማድን ኮይኑ ናይ መውስቦን ውርስን ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ሞትን ሕይወትን ድማ ዚምልከት እዩ ዝነበረ። ንኣብነት ብፍላጥ ኮነ ብድንገት ነፍሲ ዘሕለፈ ብሕጊ ንኺቕጻዕ፣ ወይ ንቤተ-ሰብ ንምትዕራቕ፣ ናይ ጋር ነብሲ ብምኽፋል ከይተረፈ ዚሰርዕ ነበረ። ሎሚ ኣብ ኩሉ ፍሉጥ ክኾነሉ ዝኸኣለ ምኽንያት ድማ ፈለማ ‘ሕጋዊ’ ኾይኑ ብኣዋጅ ስለ ዝተሰርዐን፣ ዝተሓገገን እዩ። ታሪኽ ኣማጻጽእኡ ንምፍላጥ ድማ ኣብ ኤርትራ ሕጊ ዝሓገጉ ገዛእቲ እንመን ነበሩ ምባል የድሊ። ‘ሕጊ እንዳባ’ ደ’ኣሞ ብጣልያንዶ ብእንግሊዝ ዝተሓገገ መሲሉካ፣ ቀደም ብቐድሚኦም እተሓገገ እኮ እዩ!”

“ሕጊ እንዳባ ብቐድሚ እንግሊዝን ጣልያንን ጥንታዊ ንምኳኑስ ኣየጠራጥርን፣ ግን ነዚ ሕጊታት መን ሓገጎ፣ መጀመርታኡኸ ኻበይ መጸ ኢልና ንምፍላጥዶ ይከኣል?”

“ወደይ፣ ካህናት ቃል-ኪዳን ኪኣስሩ ኸለው ጽን ኢልካ እንተ ሰሚዕኻዮም፤ ‘ሕግን ከም ወልደ-ሥላሴ፣ ስርዓትን ከም ኣምሃ’ ኢሎም እዮም ቃል-ኪዳን መውስቦ ዚኣስሩ። ‘ሕጊ እንዳባ’ ድማ ብዘበን እዞም ክልተ መራሕት ትሐጊጉ ብዘበን ደጊያት ስባጋድስ ኩሉ ስለ ዝተሰርዐን፣ ዝጸንዐን እዩ ባህልን ልማድን ንምኳን ዝኸኣለ።”

“ኣቦይ ቀሺ፣ ብዛዕባ ደጊያት ስባጋድስ ሹም ዓጋሜ ሰሚዐ ኣለኹ፣ ወልደ-ሥላሴን፣ ኣምሃን ኪበሃል ግን ኣይሰማዕኹን፣ እንታዎት እዮም፣ እስኪ ብዛዕብኣቶም ንገሩኒ?”

“በል ካህናት ቃል-ኪዳን ኪኣስሩ ኸለው ጽን ኢልካ ስምዓዮም፤ ወልደ-ሥላሴ ማለት፣ ራእሲ ወልደ-ሥላሴ፣ ኣምሃ፣ ወዱም ደጊያት ኣምሃ እዮም። ኣቦን ወድን ነበሩ እሞ፣ ራእሲ ወልደ-ሥላሴ ንኤርትራ፣ ንመረብ ምላሽ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ብዘሎ ኣሎውሃ ምላሽ፣ ንብምሉኡ ትግራይ-ትግሪኚ ዝተሸሙ ገዛኢ ነበሩ። ብዘበን ክልቲኦም ሰባት ዝተሓገገን ዝተሰርዐን ስርዓታትን እዩ ድማ ‘ሕጊ እንዳባ’ ዚብሃል።”

“ነዙይ እንታይ መረድኢ ይርከብ?”

“ነዙይ ዘረጋግጽ መረዳእታ ስርዓት ሕዝቢ ትግራይ ኣብ ጊዜ መርዓ ኾነ ኣብ ውርሲ እንተ ረኤና ከም ናይ ኤርትራ እምበር ብዙሕ ፍልልይ የብሉን። ኣብ መውስቦ፣ ኣብ ውርሲ መሬት፣ ኩሉ ውሉድ ማዕረ-ማዕረ እዩ ዚካፈል። ፍትሕ እንተመጻውን ሰበይቲ ካብ ንብረት ቤታ ብጽሒታ ሒዛ ድኣ እምበር ጥራይ ኢዳ ኣይትኸይድን። ወለዲ እንትሞቱ እውን ካብ ርስቲ ግራታ፣ ምስ ኣሕዋታ ማዕረ-ማዕረ እያ እትካፈል።

“ካልእ ድማ ኣብ ትግራይ ዋሕስ ንምቑጻር፣ ‘ኣይተ ኽስቶ ንኽስቶ ትወሓሶዶ?’ ኢሉ ኺጥየቕ ከሎ፣ ‘እወሓስ’ ይብል፣ ‘መን ይሙት?’ ‘ንጉሥ ይሙቱ!’ ኢሉ ይምሕል፣ ኣብ ኤርትራ ድማ ዳርጋ-ዳርግኡ እዩ፣ ቁሩብ ፍልልዩ ንሕና፣ ‘መንግሥቲ ይሙት!’ ኢና እንብል። ኣብ ዓዲ ኣምሓራ ግን ስም ንጉሥ ጸዊዖም፣ ‘ኃይለሥላሴ ይሙት’ እዮም ዚብሉ። ኣብ ኤርትራን ኣብ ትግራይን ግን ስም ንጉሥ ኣይጽዋዕን። ከምኡ ብተማሳሳልነቱ ዚሕብር ብዙሕ መረድኢታት ኣሎ።”

“እቲ ‘ንጉሥ ይሙት’ ወይ፣ ‘መንግሥቲ ይሙት’ ዚብል ፍልልዩኸ ንምንታይ እዩ?”

“መቸም ፍልልዩ ናይ ልማድ ነገር እዩ ዚመስል፣ ግን ንሓድ-ሓደ ለባማት ተጋሩ እንተ ጠየቕካ፤ ንምንታይ ኢኹም ትግራይ ‘ንጉሥ ይሙቱ’ ኢልኩም እትምሕሉ፣ ኣብ ኤርትራ ‘መንግሥቲ ይሙት’ ኢና እንብል እንተ በልካ፣ ‘ንጉሥ እንተ ሞተ ብንጉሥ ይትካእ፣ መንግሥቲ እንተ ሞተ ግን ሃገር ትዓኑ፣ ሕዝቢ ይጠፍእ፣ ስለዚ ንጉሥ ደኣ ይሙት እምበር መንግሥቲስ ኣይሙተና…’ ኢሎም ይመልሱ።”

“ንምታይከ ደኣ እዩ፤ ‘ሕግን ከም ወልደ-ሥላሴ ስርዓትን ከም ኣምሃ’ ተብሂሉ ናይ እቲ ሓደን ሕጊ፣ ናይ እቲ ኻልኣይን ድማ ስርዓት ኮይኑ ተፋላልዩ ዚጽዋዕ?”

“ራእሲ ወልደ-ሥላሴ ገዛኢ ትግራይ ትግሪኚ፣ ገዛኢ ናይ ብዘሎ ኣሎውሃ ምላሽ ስለ ዝነበሩ ሕጊ ንምሕጋግን ኣዋጅ ንምእዋጅን ኩሉ በቒዖም እዮም። ድጊያት ኣምሃ ግን ስርዓት ቤተሰብ ንምስራዕ ደኣ እምበር ሕጊ ሓጊጎም፣ ኣዋጅ ኣይኣውጁን። እቲ ሕጊ ዚብሃል ናይ ሞትን ናይ ሕይወትን ዝኾነ ኹሉ እዩ። እቲ ስርዓት ዚብሃል ድማ ናይ ቤተሰብ ቃል ኪዳን፣ ናይ ፍትሕ፣ ናይ ውርሲ ዘመሰለ ናይ ቤተሰብ ጉዳያት ዘበለ ኹሉ ዝሰርዕዎ ስርዓታት እዩ።”

“ኣቦይ ቀሺ፣ እሞ እዙ ነገር እዙይከ ታሪኹ ብዙሓት ኤርትራውያን ይፈልጡዎዶ?”

ይቕጽል…